መዓልቲ ብድሆ- ጅግንነታዊ ኤርትራዊ ትርግታ!

መሰል ንምሕላው፡ ንዓመጻ፡ ንኢሰብኣዊ ኣተሓሕዛ... ብ ድ ሆ!!!፡
ጥቅምቲ 31 2017፡ መዓልቲ ጅግንነታዊ ብድሆ ህዝቢ ኣስመራ`ያ!!!!

ጥቅምቲ 31 2017፡ ኣንጻር ዓመጻን ግህሰትን ዝበድሁ ተባዓት ተማሃሮ ኣል ድያእን ወለዶምን ጀጋኑ ኤርትራውያን ዜጋታት እዮም። ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ንሕስያ ንዘየርኢ ህግደፍ፡ መሰልና ክግፈፍን ክንዕመጽን ስቕ ኣይንብልን ኢሉም ብመልክዕ ሰላማዊ ሰልፊ ንዝበድሁ ህዝብና ብዓብዪ ዓውታ የውሃና ንብሎም።

ስርዓት ኣስመራ ይኹን መጋበርያታቱ፡ ነዚ ኣብ ኣስመራ ዝተገበረ ጅግና ብድሆ፡ ካብ`ቲ ቀንዲ መሰረቱ ክውጽእዎ ክፍትኑ እዮም። ``ብዕራይ ናብ ዘበለ የብል፡ ዕርፊ ኣጽንዕ`` ከምዝበሃል፡ <u>ጉዳይ መሰልን ፍትሕን፡ መሰረታዊ ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ ምኻኑ ክስመረሉ ይግባእ።</u>

ንሰላማዊ ሰልፊ`ስ ይትረፍ፡ ንኣዝዩ ፈኩስ ነቑፋታ`ኳ ዘይቅበልን ዘየናሕስን ህግደፍ፡ ብትብዓትን ሃገራዊ ወኒን ብድሆ! ኢሉ ንዝተበገሰ ህዝቢ ከተማ ኣስመራ፡ ደገፍናን ሞጎስናን ንገልጸሉ። ብተግባር`ውን ኣብ ኩሉ መዳያት ንመሰል፡ ንፍትሒ፡ ንግዝኣተ ሕጊ ዝካየድ ቃልሲ ኣብ ጎኒ ህዝብና ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ኩነታት ጠጠው ንብል።

ህዝቢ ብሰላማዊ ሰልፊ ምረቱ ንመንግስቱ ክገልጽ ባህርያውን መባእታውን መሰሉ`ዩ። ህግደፍ ግን፡ ኣብ ልዕሊ ሕቶታት ንዘቕረቡ ዜጋታቱ፡ ኣብ ዕለት 31 ጥቅምቲ 2017 ዝወሰዶ ኢሰብኣዊ ተግባራት፡ መርኣያ ፍሽለቱን ኮንትነቱን`ዩ። ህግደፍ፡ ስልጣን ካብ ዝሕዝ ጀሚሩ፡ ብጨካንነቱ ሂወቶም ዝሰኣኑ፡ ኣካላቶም ዝጎደሉ፡ ካብ መናብረኦም ዝተመዛበሉ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገሮም ብማእሰርትን ካልኢ ሓሳረ-መከራን ዝተበሳበሱ፡ ቅሳነትን ርግኣትን ተነፊግዎም ንክልብትና ስደት ዘምርሑ፡ ኣብ ናይ ስደት ጉዕዘኦም ንብዙሕ ሓደጋታት ዝተቓልዑ ኤርትራውያን ዘርዚርካ`ውን ዝውዳእ ኣይኮነን። ኣብ ማይ ሓባር ኣብ ልዕሊ ናይ ውግእ ስንኩላን ዝወረዶ ቅዝፈታት ዝጀመረ ርኡይ ቀዛፊ ባህርያቱ ይቕጽሎ ኣሎ።

ህግደፍ፡ ወይ ብድንጋጸ፡ ወይ ብልመና፡ ወይ ብምልኣም፡ ባህርያቱ ጠጠው ከብሎ ዘይሕሰብ`ዩ። እቲ ሕቶ ዝቕርብ፡ ናብ`ቲ ንፍትሒ፡ ንግዝኣተ ሕጊን ዲሞክራሲያዊ ምሕደራን ዝቃለስ`ዩ። ኣብ ልዕሊ ሃገርና፡ ማእለያ ዘይብሉ ዕንወትን ብርሰትን ዘኸተለ ጠንቅታት ንምልጋስ፡ ኣድላዪ ፍታሕ ንምርካብ፡ ብሓባር ክንትንስእ፡ ክንበራበር ዘይምኽኣልና እንታይ ምኽንያት ኮን ይቕርቦ? ብዘይካ ድኽመትን ብሃገራዊ መንፈስ ተጊህካ ዘይምብጋስን፡ ካልእ ምኽንያት የብሉን። ኩሉ ግዜ፡ ሽግር ኣብ ዘጋጠመ፡ ሕርቃናን እንጽርጽሮትናን ምግላጽ እኽል ኣይኮነን። ስለዝኾነ፡ ሃገርና፡ ኣብ ቅድሚ ዓይንና፡ እናሓደረት፡ ክትሃምምን ከተንቆልቁልን፡ ህዝባ ክበታተን ስቓይ ኣብ ልዕሊ ስቓይ ክወርዶን እናራኣና ከምዘይረኣና ስቕታና ኣብ ክንዲ ምቕጻል፡ ከም`ዞም ናይ ጥቅምቲ 31 2017 ኣብ ሕምብርቲ ህግደፍ ኮይኖም ብድሆ!! ዝብሉ ጀጋኑ ኤርትራውያን፡ ንያትና ክብ ኣቢልና፡ ብቕዳምነት ንዕድመ ግፍዐኛ ህግደፍ ከነሐጽር እነሆ ተሪር ምሕጽንታ ካብ ህዝብና ይቕርብ።

ተበግሶ ጥቅምቲ 31 2017 ተበጉሶና እዩ!

ንመሰሎምን ክብረቶምን ዘልዓልዎ ሕቶ፡ ሕቶና እዩ!!

ውድቀት ንዓማጺ ህግደፍ!!!

ዓወት ንጭቁን ህዝቢ ኤርትራ!!!!

ህዝባዊ ምልዕዓል ኤርትራውያን ንፍትሒ ሰሜን ኣሜሪካ።

ሕዳር 1፡ 2017